# ድንገት

ሓሙስ ምሸት ነፈሱ ሕማቕ ንፋስ
ሃንደማ ደሱ ቫይናከ ሰለሰተ ትንፋስ
ዝሰምዐ ሓዚኑ ኣፍሲሱ ንብዓት
ዝግበር ኣይነብረን ኮይኑ ፍቓድ ኣምላኽ።

ዘይእመን ንሃንደማ ክብሉኻ ሞይቱ
ምድረ ሰማይ ከሆየት ክጽልምት ብጊሓቱ
ኩሉ ዝሰምዐ ሓዚኑ ፈሲሱ ሓሞቱ

ኣንታ ብእኻ እንድዩ ኩሉ ተነይሉ
ንስኻ ትመኽሮ ዝነበርካ ኣበይ ይኣቱ
ኣንታ ጅግና ሕድሪ ዘጽነዐ ከም ኣያታቱ
ናይ ሰብ ልቢ ዝፈልጥ ዝምርምር ፈትፈቱ
ንዓኻ ዝወሰድ ደፋር ሞት ንመንዩ ሓቲቱ
ካብ ደቅኻ ኣሕዋትካ ዘውጽኦ በትቢቱ።

ኩሉ ደላይኻ ሽግር ዝለብለቦ
ጸገም ሰብ ትርዳእ ኣብ ገጹ ተንብቦ
ክይረሃወካ ንሰብ ተርው ብሓቦ
እንታይ ክብለካ ናይ ራህዋ ኣቦ
ኣብ ኩሉ ተጸሒፉ ጽቡቕካ ክንብቦ
ሙሉእ ዓለም እዩ ዝፈትወካ ብዓንተቦ።

ኣይትርህርህን ዲኻ ኣሚን ክትብለካ ኣስቴር
ባባ ክብሉ ደቅኻ ሰማዕ ልብኻ ኣይተትርር
ኤማ ክብሉ ኣሕዋትካ ክትሰምዖ ዝመርር
ሱቕ ኢልካ ኣይትርእ ልቢ ሰብ ክሓርር።

ኣይትብል ሱቕ መፍትሒ ድለ
ጽቡቕካ ኣብ ልቢ ኩሉ ደብሊ ተሓምበለ
ኣይተራእየን ሓወይ ከምዚ ዝበለ
ኣካይዳኻ ግብርኻ ኣብ ጻድቕ ዝዘምበለ
ምስጋዕ ኣቢኻ ሰብ ዝበለ እንተበለ
ንመን ትሰምዕ ሕራይ ክብለካ ኣምሒለ
ደርድኣኒ እኳዩ ብኣምላኽ ዝተሓገገ
ግን ፍቓዱ ይኹን ክንብል ናይ ኣምላኽ ስለዝኾነ።

ጽቡቕ ባህርያትካ መግለጺ መንነትካ
ኣብ ንብሲ ወከፍ ሰብ ድሮ ቁሪ ኣእቲኻ
ንቕልዓ ንዓቢ እኹለ ማይ እንዲኻ
ኩሉ እኳዩ ዝደሊ ክኸውን ምሳኻ
ባህሪ ጠባያትካ ዘይተዓሉ ክነስኻ
እንታይ ደኣ ሕጂ ዘይኣመልካ ገይርካ።

ኣንታ ማሙቕ ኣሕዋቱ ክንዲ ሸሕ እንዲኻ
ሽምካ ጥዑም እንድዩ ኣማኑኤል ሃንደማ
ክልተ ግዜ ኣይተዛርበና ሰምዓና በጃኻ
ኣይትንየት ንኹሉ መፍትሕ መልሕቕ ኢኻ።

ፍልም ፍልም ኢሉ ንስኻ ዘየለኻ
ጽምዋ ወረሰዋ ገዛኻ ክባቢኻ
ክልተ ዓንዲ እንድዩ ወዲቑ ኣብ ክባቢኻ።

ኣብ ክልተ ገዛ ግን ከእ ሓደ ናብራ
ኣማኑኤል ደሱ ክኑብሩ ብሓበራ
ኣብ ሓደ ረፍዲ ረኺቦም መከራ
ናይ ክልተ ገዛ ቆጽሊ ብሓንሳብ ሓረረ።

ዘርኣይ ናኢል ሸዊት ሻነት
ውረሱ ካብ ኣቦኹም ፍቕሪ ሕወነት
ኣስቴር ጽቡቕ ኣዕብያ ኅደሎ ዘይብሉ ኣደነት
ኣብታ ዘለዋ ክቐስን ኩኑ ናይ ጽቡቕ ኣብነት
ብሉ ጽንዓት ይሃብኩም ይሃልኹም ሓድነት።






ማማ ፍሳወር